Folkhälsomyndigheten
PUBLIC HEALTH AGENCY OF SWEDEN

ምኽርን ሓቅነትን ብዛዕባ ብግብረስጋ ዝመሓላለፍ ረኽስታት

DET HÄR ÄR EN ÖVERSÄTTNING TILL TIGRINSKA AV FAKTABLADET RÅD OCH FAKTA OM SEXUELLT ÖVERFÖRDA INFEKTIONER – MYCOPLASMA GENITALIUM.

# ሚኮፕላዝማ ጀኒታልዩም

**ሚኮፕላዝማ ገኒታልዩም በቲ ብርሕምን ባጡቕን ብምትንካፍ ልፋጫዊ ሽፋንን ዚመሓላለፍ ባክተርያ እዩ፡ ኣብ ብልዕቲ ረኽሲ ከምጽእውን ይኽእል፡ ምልክታቱ ከም ክላሚድያ እዩ፡ ግን ከኣ ምልክታት ዘይረኢ ኪኸውንውን ይኽእል፡ ብመሰረት ኣብቶም ብግብረስጋ ዚመሓላለፍ ረኽሲ ዝተመርመሩ ሕሙማት፡ ልኽፈት ሚኮፕላዝማ ጀኒታልዩም ዳርጋ ፍርቂ ናይቲ ናይ ክላሚድያ ልኽፈት እዩ፡**

ሚኮፕላዝማ ጀኒታልዩም ኣብ መትረብ ሽንቲ፡ ርሕሚ ወይ ባጡቕ ይርከብ፡ ሓድሓደ ግዜ ድማ ኣብ ኣንስቲ ኑቲ መትረብ ማህጸን የንድሮ፡ ኣብ ደቂተባዕትዮ ድማ ኑቲ ዳሕረዋይ ወገን ፍረነብሲ የንድሮ፡ ኣብ ገለ ኣጋጣምታት ከኣ ናይ ዓይኒ ረኽሲ የምጽእ፡ ኣብ ጎረሮ ግን ኣይመጽእን፡ .

## ምልክታት ሚኮፕላዝማ

እቲ ምልክታት ከም ናይ ክላሚድያ ረኽሲ እዩ፡ ሚኮፕላዝማ ጀኒታልዩም ኣብ ሰብኡትን ኣንስትን ናይ መትረብ ሽንቲ ጸገማት ይፈጥር- ኣብ ሰብኣይ፡ ኪሸይን ከሎ ጸላዕላዕ የብሎ፡ ሰሓን ደስ ዘየብል ስምዒትን ኣብ መትረብ ሽንቲ፡ ምስ ፈሳሲ ነገራት ይረአ፡ ኣንስቲ እውን ካብ ርሕመን ፈሳሲ ይረአ እዩ፡ ኣብ መንጎ ጻግነ ድማ ምድማይ፡ ኣብ ታሕተዋይ ከብዲ ድማ ቃንዛ፡ ደቂተባዕትዮ ድማ ኣብቲ ዳሕረዋይ ፍረነብሶም ነድሪ ይፍጠር፡ ኣብ ሓንቲ ፍረነብሶም ድማ ሕበጥ ይረአ፡

## ምርመራ

ንሚኮፕላዝማ ጀኒታልዩም ዚግበር ምርመራ፡ እቲ ምልክታት ምስ ተርእየን ናይ ረኽሲ ኣንፈት ምስ ተረጋገጸን ጥራይ ምርመራ እንተ ተኻየደ ይምረጽ፡ ድሕሪ ልኽፈት እንተ ቐልጠፈ ሓደ ሰሙን ጸኒሕካ ናይ ባክተርያ ምርመራ ምግባር፡ ሰብኡት ናይ ሽንቲ ናሙና፡ ኣንስቲ ግን ናይ ሽንቲ ምስ ናይ ርሕምን ናይ ክሳድ ማህጸንን ፈሳሲ እተሓወሰ ናሙና ከምጽኣ ይግባእ፡ ከምኡውን ባጡቓዊ ግብረሰጋ ምስ እተካይድ፡ ካብ ባጡቕ፡ ዓይንኻ ምስ ዚረክስ ድማ ካብ ዓይንኻ፡ ናሙና ከተምጽእ ይግባእ፡

## ሕክምና

ረኽሲ ሚኮፕላዝማ ጀኒታልዩም ከምቲ ኣብቲ ናይ ሓኪም ትእዛዝ ተጻሒፉ ዘሎ ብኣንቲቢዮቲክ እዩ ዚፍወስ፡ እቲ ንክላሚድያ ንምፍዋስ ዚዝውተር ሕክምና ኣብ ሚኮፕላዝማ ጀኒታልዩም ውጽኢታዊ ኣይኮነን፡ ኣብቲ ናይ ለበዳ ደምቢ ስለ ዘየሎ፡ እዚ ሕማምዚ ብናጻ ኣይፍወስን፡ ክትሕከም ከሎኻ ግብረሰጋ ከይትገብር ወይ ካብቲ ልፋጫዊ ሽፋን ከይለግበካ ተጠንቀቕ፡ ሕክምና ምስ ወዳእካ ድሕሪ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ሳምንቲ ናይ ምርግጋጽ ምርመራ ኪካየደልካ እዩ፡ ድሕሪ ሕክምና እቲ ጸገማት እንተ ደኣ ቀጺሉ፡ ኩሉ ግዜ ንናይ ምርግጋጽ ምርመራ ዚኸውን ናሙና ግደፍ፡ ሓድሓደ ግዜ እቲ ሕክምና ከይሰርሕ ይኽእል እዩ፡ ኣብዚ ኩነታትዚ ካልእ ኣንቲቢዮቲክ ክትወስድ ይግባእ፡

ቀዋሚ ብጻይ ምስ ዚህልወካ ንሱ ወይ ንሳ ናሙና ኪገድፉን ኪሕከሙን ይግባእ፡ እንተዘይኮነ፡ ድሕሪ ሕክምና ክትልከፍ ዘሎካ ዕድል ዓቢ እዩ፡

## ብዛዕባ ሚኮፕላዝማ ክሕሰብ ዘለዎ

ብሚኮፕላዝማ ጀኒታልዩም ናይ ረኽሲ መጥቓዕቲ ደጋጊሙ ኪገጥመካ ይኽእል እዩ፡

ሚኮፕላዝማ ጀኒታልዩም ኣብ ናይ ማህጸንን መትረብ ማህጸንን ረኽሲ ተራእዩ እዩ፡ ግን ከም ናይ ክላሚድያ ረኽሲ ብብዝሒ ዚረአ ኣይኮነን፡ እቲ ባክተርያ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ፍረነብሲ እውን ተረኺቡ እዩ፡ እዚ ብግብረስጋ ዚመሓላለፍ ሕማም ዳርጋ ሓድሽ ብምዃኑ እቲ ረኽሲ ኣብ ምውላድ ህጻን ጸገም የምጽእ ምዃኑን ዘይምዃኑን እንተ ኣምጸአ ድማ ክሳዕ ክንደይ ጸገም ከም ዘምጽእን ክሳዕ ሕጂ ብሩህ ኣይኮነን፡

ISBN 978-91-7603-207-7 (PDF), MAJ 2014 GRAFISK PRODUKTION: TYPOFORM

